# ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)
# UNION OF TIGREANS IN NORTH AMERICA (UTNA)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 749-8609
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

ዕለት፡ 20 ጁላይ ፣ 2020

ቤት ፅሕፈት ማተሰኣ
ዋሽንግተን ዲሲ

**ኣብ እዋናዊ ጉዳይ ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተወሃበ መግለፂ**

ህዝቢ ትግራይ ንዘበናት መስዋእቲ ከፊሉ ዝተዓወተሉ ቃልሲ ተሓንጊጥዎም ካብ ዝተለዓለ ዕላማታት እቲ ሓደን ቀንድን ጉዳይ ዓርሰ ውሳነን (self-determination) ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ብዝመረፅካዮ መንግስቲ ናይ ምምራሕን መሰል እዩ። ንዝሓለፉ 46 ዓመታት ኣብዚ ህዝባዊ ቃልሲ ኣካል ኮይኑ ኣድላዪ ዘበለ መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፀአ ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ነዚ መሰል ኣብ ምዕቃብን ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣብ ምግባር ሕዚ 'ውን ኣብ ጎኒ ህዝቢ ብምዃን ክቃለስ ድልው እዩ።

ነዚ ኣሻሕት መላምል ደቂ ህዝቢ ዝኸፈልናሉ መሰል ናብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይነእቱን ብምባል ቤት ምኽሪ ትግራይ መረፃ 2012 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ብዝተታሓዘሉ ጊዜ ንኽካየድ ብሙሉእ ድምፂ ምውሳኑ ስዒቡ ዝተሰመዐና ሓጎስን ዘለና ደገፍን ገሊፅና ኢና።

ሕዚ ድማ ኣዋጃት ምጥያሽ ኮሚሽንን ሕገ ደንቢን መርፃ ብኣዋጅ ፀዲቑ ነቲ መረፃ ዘሳልጥ ኮሚሽን መረፃ ኣብ ቤት ምኽሪ ትግራይ ብምስያሙ ዝተሰመዐና ሓጎስ ልዑል ምዃኑ እናገለፅና እቲ መረፃ ፍፁም ሰላማዊ፣ ነፃ፣ ግልፂን ተኣማንን ኮይኑ ንኽሳለጥን ክዛዘምን ካባና ከም ማሕበር ትፅቢት ዝግበር ኩሉ ንምፍፃም ድልዋት ምዃንና ክንሕብር ነፈቱ።

ውድባት ፖለቲካ ትግራይ፣ መንግስቲ ትግራይ፣ ብዓብይኡ ድማ ሓፋሽ ህዝብና እቲ መረፃ ብሰላም ንክዛዘም ብዝልዓለ ብስለት፣ ትዕግስቲን ምክእኣልን ንክሰርሑ እናፀዋዕና፤ ህንፀት ስርዓት ዲሞክራሲ ንምጉልባት፣ ረብሓ ህዝብናን ዓድናን ንምውሓስ ኣብ እትገብርዎ ኩለ-መዳያዊ ምንቅስቓስኩም ኣብ ጎኑኹም ኣለና ንብል።

ዓወት ንመረፃ ትግራይ 2012!